# Radio Adal

***Frequency: 15205 kHz (19 meter band)***
***Transmission time: 1800-1900 Eritrea local time***
***Days of transmission: Monday and Wednesday Power : 100 KW***
***Target: Eritrea***

# *ዓቢ ብስራት*

*ዕዙዝ ኤርትራዊ  ሰላምታና ኣብ ዘለኹሞ ቦታ ይብጻሕኩም!*

*ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት፡ ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.፡ እነካይዶ ቃልሲ ክብ ንምባልን፡ ሓፋሽ ተቓላሳይ ህዝብና ኣብ ኩሉ ቦታታት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ'ታ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተቐይራ ዘላ ሃገርና ዘሎ ጽኑዕ ህዝብና፡ ከምኡ'ውን ኣዕሩኽትን ፈተውትን ህዝብና፣ ሓቅታትን ግቡእ ሓበሬታን ንምርካብ፡ እነሆ ኣብ ትሕቲ "ድምጺ ኣዳል" ዝብል ስም ነጻ ሬድዮ ናይ ፈተነ ፈነውኡ ከም ዝጀመረ ከነበስር ደስ ይብለና።*

*"ድምጺ ኣዳል" ናይ ተቓላሳይ ህዝብና ድምጺ ኮይና፡ ዲሞክራስን ፍትሕን ማዕርነትን ዝሰፈና ሃገር ንምህናጽ፡ ህዝብና ናይ ዘካይዶ ዘሎ ዘይተሓለለ ቃልሲ መቓልሕ ንክትኸውን ዓቢ ጻዕሪ ከነካይድ ምዃንና ቃል ንኣቱ። ከምኡ'ውን ነጻን፡ ዕላማ ህዝቢ ዘንጸባርቕ ሓሳባት ንክዕምብብ፡ ኩሎም ሰማዕትና ነጻ ርእይቶኦም ንክገልጹን፡ ዝተፈላለየ ኣበርክቶኦም ንኪቃልሑን፡ ማዕጾ "ድምጺ ኣዳል" ወትሩ ርሑው ኢዩ።*

*"ድምጺ ኣዳል" ናይ'ቶም ድምጾም ንኪይሰምዑ ብስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተዓቢሶም ዝርከቡ ዜጋታትና ድምጺ ኢያ።  መደባት ፈነወ ሬድዮና፡ ወትሩ ሰኑይን ሮቡዕን ካብ ሰዓት 6 ክሳብ ሰዓት 7 ናይ ኣጋምሸተ፡ ኣብ ሓጺር ማዕበል ዓሰርተ ሓሙሽተ  ሽሕን ክልተ ሚእተን ሓሙሽተን ኪሎሄርትዝ፣ ወይ'ውን 19 ሚተር ባንድ፣ ብክልቲኡ ቋንቋታት፣ ዓርብኛን ትግርኛን።  ብቀጥታ ናብ ኤርትራን ካባቢኣን ዝቃላሕ ፈነወ ኢዩ።*

*ስማ ከም ዝሕብሮ፡ "ድምጺ ኣዳል" ብመሪሕነት ጅግና ስዉእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝብና ዝተበገሰላ ታሪኻዊት ቦታ  ከም ዝኾነት፣ ሕጂ'ውን ሃገራዊ ዓቕምታትና ብምጥርናፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘማዕድዎ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ፡ ኩሉ ናውቲ ቃልስና ናብኡ ንኽቀንዕ ዝጽዕት ፈነወ ኢዩ።*

*ክቡራት ክቡራንን፡*

*እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ዕማም ብምትብባዕኩምን ምክትታልኩምን ከዓቢ ተስፋ ኣሎና። ስራሕትና ከም'ቲ እንብህጎ ንክምዕብል ድማ፡ ሓሳባትኩምን ርእይቶኹምን ብቐጻሊ ክትልጉሱልና፡ ነማሕጽን።*

*ኣብ መደምደምታ፡ ንምምሕዳር ፈነወ ''ድምጺ ኣዳል'' ምስ ኩሎም ኣዳለውትን ኣቕርብትን ኣቀናበርትን፡ ከምኡ'ውን  እዚ ፈነወ'ዚ ክብገስ፡ ዘተባብዑናን ዝደገፉናን፡ ንኩሎም ልዑል ምስጋና ይብጻሓዮም።*

*ኣካያዲ ኣካል ሬድዮ ኣዳል*